## ሚኪኤል ዮሴፍን ኣፍሮ ቢዝነስ ኮንሳልቲንግ ግሩፕን ዝተባህላ ኩባንያታት ኤርትራውያን ሞያውያን ምስ ኣርነስት ኤንድ ያንግ ዝተባህለ ኣህጉራዊ ኩባንያ ብሓባር ክሰርሓ ተፈራሪመን።

------------0-----------

ሚኪኤል ዮሴፍን ኣፍሮ ቢዝነስ ኮንሳልቲንግ ግሩፕን ዝተባህላ ኩባንያታት ኤርትራውያን ሞያውያን ምስ ኣርነስት ኤንድ ያንግ ዝተባህለ ኣህጉራዊ ኩባንያ ብሓባር ክሰርሓ ትማሊ ሰለስተ ሓምለ ኣብ ሆቴል እምባሶይራ ተፈራሪመን።

እቲ ስምምዕ ክልተኣዊ ሞያዊ ዓቕሚ ክብ ንምባል፣ ሞያዊ ተመክሮ ንምልውዋጥ፣ ናይ ኣውፈርቲ ከምኡውን ናይ ኣህጉራውያን ለገስትን ኣለቃሕትን ትካላት ርእሰ-ተኣማንነት ንምምዕባል ዝሕግዝዩ።
ብዘይካዚ፣ ኤርትራውያን ኣካየድቲ ስራሕ ኣህጉራዊ መዐቀኒታት ንኸማልኡ ናይ ስልጠና ባይታ ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ።

ነቲ ስምምዕ ብወገን ሚኪኤል ዮሴፍ ካምፓኒ ኣቶ ሚኪኤል ዮሴፍ፣ ብወገን ኣፍሮ ቢዝነስ ኣቶ ኣስገዶም ተወልደብርሃን፣ ብወገን ኣርነስት ኤንድ ያንግ ድማ ሚስተር ፒ.ኤም. ካማው ፈሪሞምሉ።

እተን ትካላት ንብሕታውን ህዝባውን ክፋላት ናይ ሕሳብ፣ ኦዲትን ምኽርን ኣገልግሎት ዝህባ እየን።

ሚኪኤል ዮሴፍ ብ1997፣ ኣፍሮ ቢዝነስ ድማ ኣብ ዝቐረባ እዋን ዝቖማ ኩባንያታት ኤርትራውያን ሞያውያን ክኾና ከለዋ፣ ኣርነስት ኤንድ ያንግ ድማ ኣብ 134 ሃገራት ዝተዘርግሓ ልዕሊ 600 ኣብያተ ጽሕፈት ዘለውኦ ኣህጉራዊ ኩባንያ እዩ።

*******ኣዜኤ********